# ፕሮግራም ሜዲያ

ኣብ ህቡብን ተቐያያርን ጨንፈር ስራሕ ክትሰርሕ ድልዱል መሰረት ክህልወካ'ዶ ትደሊ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲእካ፡ ትምህርቲ ክትቅጽል ትደሊ'ዶ?
ብትንተናዊ ስራሕ ሬክላምን ዜናን ክትስልጥን'ዶ ትደሊ?
ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ክትሰርሕ'ዶ ትደሊ?
ኣብ መጻኢ ግዜ ወጻኢ ኬድካ ክትመሃር ወይ ክትሰርሕ ትደሊዶ?
እሞ ፕሮግራም ሜድያ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ሜድያ ኣሰናድኣን ኣዘራግሓን ሓበሬታ ትመሃር። ብተወሳኺ'ውን ሬክላም ከመይ ጌርካ ከም ዝትርጎምን ዝትንተንን ትመሃር። ትምህርቲ ሜድያ ጥንሰ-ሓሳባውን (ቲዮረቲካዊ) ግብራውን'ዩ። ንውልቅኻ ኮይንካ ክትሰርሕ ባዕልኻ ትፈታትን።

ኣብ ጨንፈር ሜድያ ኪሰርሑ ዚደልዩ ብዙሓት'ዮም። ስለዚ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲእካ ብቐጥታ ስራሕ ክትረክብ አጸጋሚ'ዩ። ትምህርቲ ሜድያ እንዳተማሃርካ ግን ኣበየናይ መዳይ ስራሕ ክትሰርሕ ከምትደሊ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ክትበጽሕ ድማ ትምህርትኻ ክትቅጽል ትኽእል።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ሜድያ ወዲእካ ክትረኽቦም ትኽእል ስራሓት ኣለዉ፡ ንኣብነት ኣብ ጨንፈር ማሕተም። መብዛሕትኡ ግዜ ግን ኣብ ጨንፈር ሜድያ ናይ ስራሕ ዕድል ኪህልወካ ትምህርቲ ክትቅጽል ግድን'ዩ። ናብዚ ዘምርሑ ድማ ሓያለ ትምህርትታት ኣለዉ። ንኣብነት ትምህርትኻ ኣብ ናይ ሞያ ኮለጅ፡ ፎልክሆግስኩላ፡ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽሎ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ'ኸኣ ተክኒካዊ ኣንፈት ዘለዎም ትምህርትታት ኣለዉ፡ ፈጠራዊ ኣንፈት ዘለዎም'ውን ኣለዉ።

ስሕት ኢሉ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ መመላእታ ትምህርቲ ትውስኸሉ ኩነታት ኬጋጥም ይኽእል'ዩ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ከም ኣብነት ዚጥቀሱ ስራሓት ሜድያ፡ ጋዜጠኛ፡ ሰኣላይ፡ ስእላዊ ነዳፋይ፡ ኮፒራይት፡ ኣዳላዊ (ኤዲተር)፡ ስነ-ጥበባዊ ሓላፊ፡ ወሃብ-ሓበሬታን ኣሰናዳእን እዮም። ዝተፈላለዩ ክፋላት ሜድያ ኣለዉ፡ ጋዜጣ፡ ቲቪ፡ ራድዮን መርበብ ኢንተርነትን። መብዛሕታኦም ስራሓት ሜድያ ቀጻሊ ትምህርቲ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ይጠልቡ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ሜድያ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ሜድያ ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም ሜድያ ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። እዚ ማለት ከኣ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም ሜድያ ዝመሃሩ ኪመርጽወን ይኽእሉ'ዮም ማለት'ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዑ ካብ ሓያለ ኣንፈታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወከስ።

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

እተን ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ምስንዳእ ሜድያ - ነቶም ዝተፈላለዩ ተክኒካት ሜድያ ከም ምርኢት ኤክስፖ፡ ስእላዊ ኮሙኒኬሽን፡ ራደዮን ካልኦት ሜድያ ድምጽን፡ ፎቶ፡ ፊልምን ቲቪን ወይ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ኪመሃሩ ዝደልዩ
- ቴክኒክ ማሕተም - ነቶም ብዝተፈላለዩ ስእላውያን ብልሓታት ውጽኢታት ማሕተም ኪመሃሩ ዚደልዩ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ሜድያ እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠናʼዚ እታ ቤትትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦʼዩ። ኣበየናይ ስራሕ ትውዛዕ በቲ ዝመረጽካዮ ኣንፈት ፕሮግራምʼዩ ዚውሰን። እዚ ርክብን ሌላን ኽኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠናʼዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገበሮ እንተደሊኻʼውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ ጨንፈር ሜድያ ስራሕ ምርካብ ጽንክር ይብልʼዩ ዋላʼኳ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እንተቐጸልካ። መብዛሕትኦም ብሜድያ ዝሰልጠኑ ነተን ዝርከባ ስራሕ ይወስድወን። ሓያሎ ግን ሽቕለ-ኣልቦኛታትʼዮም።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image